




# ሉቃስ ከም ዝጸሓፎ

## 1. መእተዊ

ሉቃስ ሓኪም ጥራይ ኣይነበረን፡ “ወንጌል ሉቃስን” መጽሓፍ “ግብረ ሃዋርያትን” ዝጸሓፈ እውን ንሱ እዩ። እንተ ዘይጽሕፎ ነይሩ ኸኣ፡ ምናልባሽ፡ እቲ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን፡ ድሕሪ እቲ ዛንታታት ናይ እቶም ኣርባዕተ ወንጌላት፡ ኰታፍ ኰይኑ ምተረፈ ነይሩ። ሉቃስ፡ መጽሓፍ “ግብረ ሃዋርያት” ብምጽሓፉ ግና እቲ ታሪኽ ዘይተኸውልፈ፡ ምሉእ፡ ዘይኰታፍ ታሪኽ ኰይኑ ይቕጽል።

ሉቃስ ኣብቲ ዚጸሓፎ ወንጌል መንቀሊ መድሚዱ፡ ብመስተንክር ኣገባብ ከኣ ናይ ፈለማ ታሪኽ ቤተ-ክርስትያን፡ ማለት ናይ ሰላሳን ሽሞንተን ዓመታት ኣቢሉ ዚኸውን ጸብጻብ ታሪኽ፡ ኣብ ግብረ ሃዋርያት ጠርኒፉ ኣስፈርዎ።

ሉቃስ መን እዩ? ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዚርከብ ሓበሬታት ብጥርንፍ ዚበለ ኣገባብ ንመልከቶ። ኣብ ላዕሊ ከም እተጠቕሰ፡ ሉቃስ ግብረ ሃዋርያትን ወንጌል ሉቃስን ዚጸሓፈ ወንጌላዊ እዩ። ኵሉ ኸኣ ንቴዎፍሎስ ዝተባህለ ዓርኩ ከም ዝጸሓፎ ባዕሉ ሓቢርዎ ይርከብ (ሉቃ 1፡3-4 ግብ 1፡1)።

እዚ ጸሓፋይ ናይ ግብረ ሃዋርያት ኣብቲ ናይ መጀመርታ ዕዮ ናይ ምስፋሕ ወንጌል፡ ንሓያሎ ዓመታት መቓርንቲ ሃዋርያ ጳውሎስ ምንባሩ እዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ናይ እቲ መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት የመልክቱ - ግብ 16፡10-17 20፡5-38 ከምኡ ድማ 21፡1-18።

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብቲ ነተን ማሕበራት ዚጽሕፎ ዝነበረ መልእኽትታት ንሉቃስ ይጠቕሶ። ንምሳሌ፡ ኣብ መልእኽቱ ንሰብ ቈሎሴ 4፡14 “ሉቃስ፡ እቲ ፍቁር ሓኪም፡” ይብሎ። ከምኡ’ውን ኣብ ፊልሞን 1፡24 “መዓይይተይ፡ . . . ሉቃስ” እናበለ፡ ሉቃስ ከመይ እሙን፡ ዘይጠልም፡ ዘየግድዕ ናይ ሓቂ ብጻይ ምንባሩ እናኣስተማቐረ ይጠቕሶ። ኣብ 2ይ ጢሞ 4፡ 11 እውን፡ “ሉቃስ ጥራይ ምሳይ ኣሎ” ይብል። እሞ፡ ሉቃስ ንጳውሎስ ናይ ብዙሕ ዓመታት ብጻዩ፡ መተዓይይቱ፡ ሓኪሙ’ውን ከም ዚነበረ ብሩህ እዩ።

ጸሓፊ ናይ እዚ እንምልከቶ ዘሎና መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት ሉቃስ፡ ግሪኻዊ እዩ። ብዘይክኡ ድማ ጸሓፍቲ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ መጻሕፍቲ ኵሎም ኣይሁዳውያን እዮም ነይሮም።

ሉቃስ፡ ንኣመንቲ፡ ብሓቂ ብዙሕ በረኸታት እዩ ኣውሪሱ። ካብዚ እቲ ዝዓበየ ኸኣ ወንጌል ሉቃስን መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያትን እዩ።

እቲ የሱስ ክርስቶስ ንደቀ መዛሙርቱ

ዘተስፈዎ በረኸት፡ “... ክትከዱን ፍረ ኸትፈርዩን፡ ፍሬኹምውን ነባሪ ኪኸውን፡ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ምእንቲ ኺህበኩም፡ ነዚ መደብኩኹም” (RF) **ዚበሎ፡ ኣብ ህይወት ሉቃስ ተፈጺሙ ይርአ።**

## 2. ቴዎፍሎስ

**ኣብ ላዕሊ ከም እተተንብሀ፡ ሉቃስ፡ ንመን ከም ዝጸሓፎ ኣብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት 1፡1 ነጊሩሉ ኣሎ።**

> “ዎ ቴዋፍሎስ፡ ብዛዕባ የሱስ ኪገብሮን ኪምህሮን ዝጀመረሉ ኹሉ እቲ ቐዳማይ ዛንታ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።”

**ቴዎፍሎስ ዚብል ስም ኣብ ወንጌል ሉቃስ ኣብ 1፡3 ከምኡ ድማ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ኣብ 1፡1 እንተ ዘይኮይኑ፡ ኣብ ካልእ ክፍሊ ጽሑፋት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይን ረኽቦን ኢና።**

**ስለዚ እቲ ብዛዕባ ቴዎፍሎስ ኣነጺርና እንፈልጦ፡ እቲ ወንጌል ሉቃስን መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያትን ዚተላእኮ ሰብ ንሱ ምዃኑ ብኡ ንፈልጥ። ስለዚ ካብኡ ንላዕሊ ብዛዕባ ቴዎፍሎስ እንፈልጦ ታሪኽ፡ ወይ ተወሳኺ ሓበሬታ ዚህብ ጸብጻብ የልቦን።**

**ይኹን እምበር፡ ኣብ ሓዲስ ኪዳን እኳ ተወሳኺ ታሪኽ ብዛዕብኡ እንተ ዘይተረኽበ፡ ሓደ ሓደ ያታታት ግና ኣይሰኣንን እዩ።**

**እዚ ሉቃስ ቴውፍሎስ ኢሉ ዚጽውዖ ዘሎ፡ ወዲ ቲቶስ ፍላቪዩ ክለመንት** (Titus Flavius) **ማለት፡ ወዲ ሓው ንቨስፓስያን** (Vespasianus - **ንጉስ ሮማ** 69-79 **ድ.ል.ክ.**) **ምዃኑ ይንገር። እዚ ሰብ እዚ፡ ፈታው ወንጌል፡ ኣማኒ ድማ ብምዃኑ፡ ቴዎፍሎስ ዚብል ስም ወንጌላዊ ሉቃስ ዘጥበቐሉ ስም እዩ ይብሃል። ቴዎፍሎስ ናይ ግሪኽ ቃል ኮይኑ ፈታው ኣምላኽ፡ ዓርኪ ኣምላኽ የስምዕ።**

## 3. ዕላማ መጽሓፊኡ

**ሉቃስ ጊዜ ወሲዱ፡ ስለምንታይ ክሳዕ ክንድዚ ብጥንቃቐ ወንጌል ሉቃስን መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያትን ንቴዎፍሎስ ከም ዚጸሓፈሉ ባዕሉ ኣነጺሩ ነጊሩሉ ኣሎ። እቲ ንወንጌል ሉቃስ ዘጽሓፎ ምኽንያት ንቴዎፍሎስ ከካፍሎ ኸሎ፡**

> “ነዚ ኣባና ብርግጽ እተኣምነ ነገር ዛንትኡ ኺጽሕፉ ብዙሓት ካብ ዚጅምሩ፡ እቶም ካብ መጀመርታ በዒንቶም ዝረኣዩን ኣገልገልቲ እቲ ቓልን ዝነበሩን ከም ዝነገሩና፡ ኣታ ኸቡር ቴዎፍሎስ፡ ኣነ ኸኣ ንኹሉ ኻብ ጥንቲ ስዒበዮ እየ እሞ፡ ሓቂ እቲ እተምሃርካዮ ምህሮ ኣጸቢቕካ ምእንቲ ኽትፈልጦሲ፡ በብተራኡ ኽጽሕ ፈልካ ይረኣየኒ ኣሎ” (ሉቃ 1፡1-4)።

**ግብሪ ሃዋርያት ዘጽሓፎ ምኽንያት ድማ፡ ከምቲ ንቴዎፍሎስ ዘካፈሎ፡**

> “ዎ ቴዎፍሎስ፡ ብዛዕባቲ የሱስ ኪገብሮን ኪምህሮን ዝጀመረሉ ኹሉ እቲ ቐዳማይ ዛንታ ጽሒፈልካ ኣሎኹ”(ግብ 1፡1)።

**ስለዚ ግብሪ ሃዋርያት ካልኣይ ክፍሊ ናይ እቲ ዛንታ ናይ ወንጌል ሉቃስ ምዃኑ እውን ባዕሉ እቲ ጸሓፊ ሓቢሩዎ ይርከብ። እዚ ማለት፡ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት፡ መቐጸልታ ናይቲ የሱስ ኺገብሮን ኪምህሮን ዝጀመረ ምዃኑ እዩ።**

**ነቲ ዝጸሓፎ ወንጌልን ነቲ ተኸታሊኡ ግብሪ ሃዋርያትን መሊእና ምስ ኣንበብናዮ፡ ሉቃስ ዘጽሓፎ ምኽንያት**

እንታይ ምኻኑ ብግልጺ ኽንዕዘብ ንኽእል። ንሕጂ፡ ነዚ ብዘይ ትንታኔታት፡ ከም ነጥብታት ጥራይ ሰሚዕና ክንሓልፎ።

ወንጌላዊ ሉቃስ፡ መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት፡ ንኺጽሕፍ ዚደረኾ፡ ኣብ ሓሙሽተ ምኽንያታት ኣሕጽር ኣቢልና ንመልከት።

3-1. *ታሪኽ ናይ ምግስጋስ ወንጌል።*

ምዝርጋሕ ወንጌል ከመይ ኢሉ ከም ዝተጀመረ፡ ንሰለሳን ሸሞንተን ዓመታት ኣቢሉ ኸኣ ከመይን ኣበይን ከም ዝተዓወተን ከም ዝገስገሰን ንምዝንታው ዚኣክል ሉቃስ ንቴዎፍሎስ ጸሓፈሉ።

3-2. *እንታይነት ወንጌል።*

ወንጌል ንኹሉ ሰብ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘሎ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ናይ ዓሌታትን ቋንቋታትን ዝብርከት 'ብስራት' ምኻኑ ብታሪኻዊ መገዲ ንብራህ፡ ሉቃስ ንቴዎፍሎስ ጸሓፈሉ።

3-3. *ተጻይነት ንመንግስቲ?*

ምናልባሽ ዳርጋ ከም ተጻይነት ንመንግስቲ ሮማ ዝተጻሕፈ ኺመስል ይኽእል ይኸውን። ግና ኣይፋሉን። ሉቃስ ድማ፡ መራሒቲ ከም እኒ ቴዎፍሎስ፡ እንታይነት እቲ ወንጌል ብቕኑዕ ኺርድእዎ እዩ ወንጌል ሉቃስን ግብረ ሃዋርያትን ተንቲኑ ብታሪኻዊ መርትዖታት ዝጸሓፎ። ኣረ ነቲ መንግስቲ ሮማ ደጋፊኡ ደኣ ኪኸውን ከም ዚኽእል፡ ተጻባኢኡ ድማ ከም ዘይኰነ ክርድኡ እዩ ደልይዎም ነይሩ።

3-4. *ህያውነት የሱስ ክርስቶስ።*

ንየሱስ ክርስቶስ ብዚምልከት፡ ብዛዕባ ህያውነቱ ክንዛረብ ከሎና እንታይ ማለትና ምኻኑ ኣቐዲምና ኽንርድኦ ዘሎና ነገር እዩ።

የሱስ ክርስቶስ ካብ ምዉታት ምስ ተንስኤ፡ እቶም ደቀ-መዛሙርቱ እውን ሓቅነት ትንሳኤኡ ብኡብኡ ኼስተውዕሉዎ ኣይከኣሉን። ክሳዕ ዚኣምኑዎን ዚርድእዎን ድማ ሓያለ ጊዜ ወሲዱሎም።

ምእንቲ ነዚ ምርዳእ እዚ ንኺረኽቡ ድማ እዩ የሱስ ክርስቶስ፡ ናብ ሰማይ ኽይዓረገ፡ በብእዋኑ እናተገልጸ ምሳታቶም ንኣርብዓ መዓልትታት ዚኣክል ኺጸንሕ ዚመደበ።

ነዚ ሓቂ እዚ ሉቃስ ንቴዎፍሎስ፡ ብእኡ ኣቢሉ ድማ ንነፍሲ ወከፍና ኺሕብር ከሎ፡

> "ድሕሪ ስቕያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተ ራእዮምን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን፡ ብብዙሕ መፈለጥታት ህያው ምኻኑ ርእሱ ከም ዘርኣዮምን ጽሒፈልካ ኣሎኹ" (ግብ 1፡1) **ይብል።**

ነዚ ድማ ኢና ህያውነት የሱስ ክርስቶስ ዚብል ስም ሂብናዮ ዘሎና። እቲ ዚግለጽ ዘሎ፡ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ፡ እቲ ኣብ ኣርባዕተ ወንጌላት ዘሎ፡ ብትንሳኤኡ ድማ ዚግለጽ ዘሎ ምኻኑ ምእንቲ ኽነስምዕ፡ የሱስ ክርስቶስ ህያው እዩ ንብል።

መጽሓፍ ግብረ ሃዋርያት፡ የሱስ ክርስቶስ ህያው፡ ኣብ ማሕበሩ ህያው፡ ኣብ ዕላማ ወንጌሉ ህያው፡ ከምኡ ድማ ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣማኒ ህያው ምኻኑ ብተመክሮኣውን ህልውን ኣገባብን መገድን ዜርኢ እዩ። ስለዚ ድማ የሱስ ክርስቶስ፡

ህያው ምኻኑ ከኣ እምበር፡ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት፡ ብዛዕባ ናይ ዝሓለፈ ዘዘንቱ መጽሓፍ ታሪኽ ጥራይ ኣይኰነን።

3-5. ህያውነት መንፈስ ቅዱስ።

ህይወት ሓደ ክርስትያን ቅዱስ ኰይኑ ዚርከብ፡ ሕብረት ክርስትያናት ድማ ቅድዊ ዚኸውን፡ ብስራትን ኣገልግሎት ወንጌልን ድማ እናተዓወተ ንቕድሚት ዚግስግስ ብምኽንያት ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ጥራይ ምኻኑ፡ ግብሪ ሃዋርያት ብብዙሕ መረዳእታታት ይገልጾ። እምበኣር፡ ነዚ ተመክሮ እዚ ኢና ህያውነት መንፈስ ቅዱስ ዚብል ስም ሂብናዮ ዘሎና።

ኣድላይነት ናይ እዚ ተመክሮ እዚ፡ ማለት ጸጋ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኺስቈሮም፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ቅድሚ ኸሉ ኺጽበይዎ ከም ዘለዎም ድሮ ኣዳልይዎም ጸኒሑ ነይሩ እዩ።

> "እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኹሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ" (ዮሃ 14፡26)።

የሱስ ክርስቶስ፡ ድሕሪ ትንሳኤኡ፡ ቅድሚ ዕርገቱ፡ ብዛዕብኡ ዝሓደገሎም ቃል ለበዋ፡ ኸኣ ከምዚ ይብል።

> "መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኵላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም" (RF)።

መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ብዛዕባ እቲ ኣብቲ ናብርኦም፡ ኣብቲ ሕብረቶም፡ ኣብቲ ገድሎምን መዓልታዊ ናብርኦምን፡ ናይ መንፈስ ቅዱስ ዝዓዘዞም ኣመንቲ ድማ ዘዘንቱ እዩ።

## 4. ዲማዊ መልእኽቱ

ወንጌላዊ ሉቃስ፡ ነቲ ንቴዎፍሎስ ኣብቲ ወንጌሉ ጽሒፉ ኣስፊሩሉ ዘሎ ጸብጻባት፡ "ቀዳማይ ዛንታ" ዚብል ስም ሂብዎ ኣሎ። እቲ ኽምኡ ምባሉ ድማ፡ ነቲ ድሮ ጽሒፍዎ ዝነበረ፡ ካልኣይ ተኸታሊ ከም ዘለዎ፡ ወይ ዚቕጽል ከም ዝኾነ ይእምት። እቲ ዚእምቶ ዘሎ፡ እቲ ተመክሮኣዊ ዛንታ ናይ ግብሪ ሃዋርያት ምኻኑ እዩ።

እዚ ዛንታ ናይ ግብሪ ሃዋርያት እምበኣር ክሳዕ መወዳእታ ዘበን ከየቋረጸ ዚቕጽል፡ ዚደጋገም ኣርኣያ እዩ። እዚኽ ሕጂ ከመይ ኢሉ ይትግበር?

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ 1ይ ቈረ 12፡13 ጥርንፍ ዚበለ ግሩም መልሲ ይህበሉ።

> "ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፡ ባሮት ወይስ ጭዋታት፡ እንተ ኾንና፡ ንሕና ኹላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ ኽንከውንሲ፡ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፡ ሓደ መንፈስ ሰቴና።"

እዚ ማለት፡ ዓሌት ብዘየገድስ፡ ኣብቲ ዘሎናዮ ሕብረተ-ሰብ ኪህልወና ዚኽእል ደርብን ደረጃን ብዘየገድስ፡ ናይ ብሓቂ ክርስትያናት፡ ብሓቂ ሕብረት ክርስቶስ ዘለዎም ኣመንቲ እንኸውን ብሓደ መንፈስ ቅዱስ እተጠመቕ ምስ እንኸውን ጥራይ እዩ። ነዚ ብዚምልከት፡ ሉቃስ ብዛንታ ናይ ግብሪ ሃዋርያት ተንቲኑ ዚምህሮ ቀጺልና ኽንርእዮ ኢና።

. . . . ይቕጽል . . . . . . . . .